# ዲፕሎማሲ ልምዓት




ኤርትራ፡ ወፍሪ ብምትብባዕ ምስ ርጡባት መሻርኽቲ ንምጽማድ፡ ኣብ ንጡፍ ዲፕሎማሲያዊ ምንቅንስቓስ ትርከብ። ብድንግል ጸጋታትን እሙር ብልጫታትን "ኤርትራ ንወፍሪ እተብህግ ሃገር'ያ" እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኤርትራ እትውንኖ ኩሉ ዝፈልጦ ቀንዲ ጸጋታት ንምድጋም፦

1) ኤርትራ እትርከቦ ጂኦግራፊያዊ ከባቢ፡ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ቦታ ናይ ዓለምና'ዩ። ኣብቲ፡ መትኒ ቁጠባዊን ንግዳዊን ንጥፈት ዝኾነ ማያዊ መስመር ዓለምና - ባሕሪ ኤርትራ (Red Sea) - ልዕሊ 1200 ኪ.ሜ. ገማግምን ልዕሊ 350 ደሴታትን ትውንን።

2) ኤርትራ ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ኣውራ ኣብ ዕደና፡ ሕርሻ፡ ጸዓት፡ ጸጋታት ባሕሪ፡ ኣገልግሎት ወደባት፡ መጓዓዝያን መራኸቢታትን፡ ኢንዱስትሪን ቱሪዝምን፡ ኣገልግሎት ፋይናንስ፡ ናጻ ዞባ ንግዲን ካልእን ገና ዘይተመዝመዘ ሰፊሕ ናይ ወፍሪ ባይታ ዘለዋ ሃገር እያ።

3) ህዝቢ ኤርትራ፡ ትንፋስ ኣብ ዘይነበሮ መኸተ ተጻሚዱ እንከሎ፡ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ፡ ብውሽጣዊ ዓቕሙ፡ ንወፍሪን ቁጠባዊን ንግዳዊን ንጥፈት ዓዳሚ ባይታ ዝፈጥር ትሕተ-ቅርጺታት ኣብ ምውዳድ ቀሊል ዘይኮነ ዕዮ ኣሳሊጡ ይርከብ።

4) እቲ ካብ ኩሉ ዝዓበየ ጸጋ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብበሪኽ ፖለቲካዊ ንቕሓቱን ስጡም ሃገራዊ ሓድነቱን፡ ተሪር ፈተነ ሓሊፉ ዘውሓሶ፡ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ልዑል ማሕበራዊ ስኒትን እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኤርትራ ኣብ ዞባ ነውጺን ቅልውላውን ብደሴት ሰላም እትምሰል ሃገር እያ።

5) ኤርትራ ምድርን ሰማይን፡ ባሕርን ደሴታትን ዘቕስን ኣብ ከባቢና ብሉጽን ዝሓየለን ሰራዊት ትውንን። ጎረባብቲ ህዝብታት ብግደኦም ካብ ጸቢብን ገማማዕን ፖለቲካ ተናጊፎም፡ ብቑዕ ሃገራዊ ትካላት ጸጥታን ምክልኻልን ሃኒጾም፡ ሰላሞም ከውሕሱ ብዓቕማ እትደጋገፍ፡ ርጉእን ተመላላእን ጎደቦ ንምፍጣር ብተወፋይነት እትጽዕት ሃገር እያ።

6) ኤርትራ ኣዝዩ ጻዕራምን ህርኩትን፡ ብልሒን ቴክኒካዊ ክህሎትን ዝተዓደሎ፡ ሰሪሑ ክምዕብል ሃንቃ ዘለዎ እምበር ረድኤትን ምጽወታን ዘየንባህቐ ትጉህ ህዝቢ ዝነብራ ሃገር እያ። ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ዘፍሰሰቶ፡ ዕድል ዜጋታት ዘመዓራሪ ትምህርታዊ ወፍሪ፡ ብሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሃነጸቶ ውዳበ፡ ሞያውነትን ዲሲፕሊንን ድማ ነዚ ትዕድልቲ'ዚ ዝድርዕ ተወሳኺ ጸጋ ኮይኑ ኣሎ።

7) ኤርትራ ሰሃሮ ህዝቢን ሃገርን ዝስምዖ፡ ንልምዓትን ምዕባለን እተወፈየ ሓላፍነታዊ መንግስቲ ዘለዋ ሃገር እያ። ባዶ ተጻዋርነታ ንግዕዘይና ብመንጽር ክውንነት ኣህጉርና ኣብ ዝበለጸ ቦታ ዝሰርዓ፡ ገበናት ስርቂን ብልሽውናን ብኸለትን ከም ባህሊ ዘይሳዕረረላ ሃገር'ያ። ሕፍኒ ዘይተላዕሎ ድንግል ጸጋታት፡ ምስቲ ኤርትራ ዘለዋ ፍሉጥ ጂኦግራፊያዊ፡ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ሕልፈታት፡ ንወፍሪ እተወናውን ኣጸድ ዝገብራ ክንሱ ግዳ፦

- 'ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓና ኣየገልግልን'ዩ' ኢሎም ዝተዓሸዉ ሓይልታት ብዝሃንደስዎን ዘጕሃሃሩዎን ንሽዱሽተ ዕቑድ ዝቐጸለ ኣዕናዊ ኲናትን ህድግለነ ዘይብሉ ተጻብኦን፡

- ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ነጺልካ፡ ብፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያዊን ተጻይነት፡ እገዳታት፡ ዕንቃጸ ወፍሪታት፡ ሽርሒ ፍልሰትን ጽዑቕ ዘመተ ስይጠናን ንምድኻዳኹ ዝተኻየደ ሃቐነ፡ ብዙሕ ዕንወትን ሃስያን ኣውሪዱ እዩ። የግዳስ ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ኤርትራ፡ ክምህ ከይበለ፡ ንኹሉ ብጽንዓትን ብልሒን ዘፍ ኣቢሉ፡ ድሕሪ ደጊም ብዝጠቕሙን ዘይጠቕሙን ኣብ ዘይድፈረሉ ጽፍሒ ቅሳነት ደይቡ፡ ሓራ መስመሩ ኣውሒሱ፡ ምስ ናጻ ህዝብታት ዓለም ተሰሪዑ ኣሎ።

ብሰሪ'ቲ ንሕስያ ኣልቦ ተጻይነት ዝኸሰሮ ግዜን ዕድላትን ንምድባስ ከኣ፡ ብዝለዓለ ኒሕን ንያትን ልምዓታዊ ተጋድሎኡ ናህሪ ከሕንነሉ ኣንቂዱ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ሃዋህው፡ እቲ ከም ውጽኢት ዘይተጻዓድነቱ ዘውሓሶ ቅዱው ባይታ፡ ንጥቁዋት መሻርኽቲ ዓዳሚ እዩ። ብርቱዕ ታፍላ (Passion) ልምዓት ኣብ ዘለዎ ህዝቢን ሃገርን ዝፈስስ ወፍሪ ድማ፡ ኣድማዕነቱን መኽሰቡን ንምግማቱ ኣየጸግምን።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

ሓዳስ ኤርትራ 6 ሓምለ 2024 -